ኤጀንሲ መዓድንን ኢነርጂን ክልል ትግራይ ነቲ ኤጀንሲ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ስራሕቲ ሕትመት፣ ኣቅሑት ቢሮ/ ፈርኒቸር/፣ መለዋወጢ ኣቑሑት መኪና፣ ኮምፒዩተር ላፕቶፕን መለዋወጢ ተዛመዲ ኣቅሑትን ወይ ኣቅሑ ኤሌክትሮኒክስ፣ ሓፂን መፂን ስራሕቲ ፅገናን ብግልፂ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ኣገልግሎት ክረክብን ክዕድግን ስለዝደለየ በቲ ዘፈር ዝተዋፈርኩም ሕጋዊያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 8, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 22, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢሎቱ ዝተፈላለየ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 22, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርከርቲ/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ ሰራሕቲ ሓፂነ መፂን/

ተማልእዎም ዝግብኦም ረቋሕታት

1 ናይ 2011ዓ/ም ፍቃድ ንግዲ መቅረባይነት ዘሐደስኩም፤ መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ (ቲን ናምበር) ዘለኩም

2 ተመዝገብቲ ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኾኑን ናይ ወርሒ ለካቲት 2011ዓ/ም ተወሳኺ እሴት ታክሰ ዝተመዝገቡሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

3 ተጫረቲ ናይ መኽበሪ ጨረታ ንመለዋወጢ ኣቅሑት መኪና 2000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ መኪና፣ ኮምፒዩተር ላፕቶፕን መለዋወጢ ተዛመዲ ኣቅሑትን ወይ ኣቅሑ ኤሌክትሮኒክስ 5000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ሓፂን መፂን ስራሕቲ ፅገናን 3000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ንኣቅሑት ቢሮ/ ፈርኒቸር/ 3000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ስራሕቲ ሕትመት 2000.00 ሽሕ ቅርሺ ከትሕዝ ዝክእል፤

4 ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ዝርዝር መመርሒን ጨረታን ንነብሲ ወከፍ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 20.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካበ ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ማልት) ኤጀንሲ መዓድንን ኢነርጂን ቢሮ ቁፅሪ 115 ምውሳድ ይከኣል።

5 ሰነድ ጨረታ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 22/08/2011 ዓ/ም 3:30፣ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት 22/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ይኸውን።

6 ጨረታ ዝሰዓሩ መቅረበቲ ዝሰዓርዎ ንበረት ብናይ ባዕሎም ወፃኢ መጓዓዝያን መፅዓንን መራገፍን ሸፊኖም ናብ ቤት ዕዮና የቅርቡ።

7 ተጫራቲ ውዕሊ ካብ ዘኣሰርሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ንብረት ከእትው ይግባእ።

8 ተጫረቲ ዋጋ ዘቅርብሉ በቲ ዝወፀ ዝርዝር መረዳእታ መርኣያ መሰረት ፅሬቶም ዝሓለው ምኺኖም ኣረጋጊፁ ክመልእ ይግባእ።

9 ካብቲ ዝተቀመጠ ረቋሒ ወፃኢ ካልእ ኣማራፂ ተባሂሉ ዋጋ ከቀምጥን ኣብቲ ዝርዝር መረዳእታ ዘይተነፀረ ንብረት ምቅማጥ ኣይፍቀድን።

10 እቲ ጨረታ 20% ናይ ምወሳኽን ምቅናስን መሰል ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ተጫረታይ ዘቅረቦ ዋጋ ተወሳኺ እሴት ታክስ ሓዊሱ ወይ ዘይሓዊሰ ምኻኑ እንተመላኺቱ ተወሳኺ እሴት ታክስ ከምዝሓወሰ ተገይሩ ይቁፀር።

12 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀነሓሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተኸፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ንተከታተልቲ 30 መዓልቲ ይኸውን።

13 ተጫረቲ ዝተዓሸገ ፖሰታ ዋናን ቅዳሕን ብዝብል ብምግባር ከቅርቡ ኣለዎም።

14 ናይ ተወሳኺ እሴት ታክስ ካብ ቤት ፅሕፈትና ነትርፍ ምኻና ነፍልጥ።

15 ጨረታ በዘይ ኣግባብ ከዛብዕ ዝፈተነ ኣብ ዝኾነ ጨረታ ከይሳተፉ ዘኽይድ ስጉምቲ ዘስዕብ ምኻኑ ክፈልጡ ይግበእ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-401209 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle